# ቅሉዕ ጎቦጣ ኣሜሪካን ሰዓብታን
# ኣብ ልዕሊ ሊብያ

**ብተስፋማርያም ሓጎስ**

ንሕና ኣፍሪቃውያን ኣብ ገዛእ መሬትናን ዓድናን ብጓኖት ሰብ ርሑቕ ዓዲ ክንሳቐን ክንሕረድን ከም ኣቕሓ ክንሽየጥን  ዘመናት ሓሊፉ ገና ውን ይቕጽል ኣሎ። ኤውሮጳውያን ወረርቲ እፎይ ኢሎም ክነብርሉን ከብዶም ክመልኡሉ ዝባኖም ዘማምቑሉ ብሩኽ መሬት ስለ ዘይነበሮም ካብ ኮፍ ኢልና ንሞት ንጽበያ ወይ ዝሓሽ ክነብረሉ እንኽእል መሬት ንረክብ ወይ ውን ንመውት ዝብል ኣተሓሳስባ ኣንቂሎም ኑቲ ኣዝዩ ከቢድ እሞ ብዘይ ምዕቡል መጎዓዝያ ባሕሪ ንውቅያኖሳት ዓለም ተተሓሓዝዎ። ኣሽሓት ሕልሞም በኒኑ ኣብ ውቅያኖሳት ዓሪቦም ገለ ሰብ ዕድል ከኣ ናብዚ ሓድሽ ዓለም ኢሎም ዝሰመይወን ኣፍሪቃን ኣውስትራልያን ኣሜሪካን እግሮም ከንብሩ ክኢሎም። ንገለ ብውግእ ንገለ ብሽርሒ ነዘን ሓድሽ ዓለም ዝበልወን ክወርወን ጀመሩ። ንኣሜሪካ ንደቀባት ቀያሕቲ ህንዳውያን ብኣዝዩ ኣሰቃቂ ግፍዒ ኣህሊቖም ንብረቶም ንድዝመት ዘሚቶም ንታሪኾም ኣዕንዮም እነሆዉ ሎሚ ኣብ ዘይዓዶም ደቀባት ኮይኖም ይነብሩ ኣለዉ። ንኣውስትራልያ ውን ከምኡ ንደቀባት ኣቦርጂናውያን ኣጥፊኦም ብፍላይ እንግሊዛውያን ነታ ክፍለ ዓለም በይኖም ብሒቶማ ይነብሩ ኣለዉ። ኣብ ኣፍሪቃ ውን እንተመጺእና ኣብቲ መጀመርያ ሓያል ህዝባዊ ተቓውሞ ኣጋጢምዎምን ክንደይ ውግእ ኣካይዶምን እዮም። ይኹን እምበር ብብረት ክዕወትሉ ብዘይ ምኻኣሎም መሳርሒ ፍሉይ ብረት  ሒዞም እዮም መጺኦም እዚ ብረት እዚ መጽሓፍ ቅዱስ እዩ። ልኡኻት ናይ ኣምላኽ ተመሲሎም ንህዝቢ መጽሓፍ ቅዱስ ኣትሒዞም ዓይኑ ሰም ኣቢሉ ክጽሊ መሃርዎ። ህዝቢ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢዱ ሒዙ ዓዩ ሰም ኣቢሉ ክጽሊ ከሎ ንሳቶም መሬቱ ወሰድሉ። ጸሎቱ ወዲኡ ዓይኑ ቋሕ እንተበለ ወዮ መሬት ኣብ ኢድ ጸዓዱ ወያ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ኢዱ ተረፋ። በዚ ከኣ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያ ኣብ ገዛእ ዓዶም መሬቶም ተገዲፎም ባሮት ናይ ጸዓዱ ኮይኖም ግዳይ ሕሰምን መከራን ኮኑ። ምዕይዕይ ንዝበሉ ሐሓደ ኢዶም እናቖረጽካ ንኻልኦት መሰምበዲ ክኸውን ኣብ ሓደ እናኾመርካ ከም መስካሒክሒ ይጥቀምሉ ኔሮም። ንጸለምቲ ደቀባት ትሕቲ እንስሳ ይርእይዎ ኔሮም፡ ጸሊም ባርያ ናይ ጸዓዱ ክኸውን ከም እተፈጥረ ጌሮም ብምጥማት የቆናጽብዎ ኔሮምን ገና ውን ኣለዉ።

ጸሊም ክበሃል እንከሎ ናብቲ ጸዓዱ ዝበጽሕዎ ወይ ውን ክበጽሕዎ ዝኽእሉ ደረጃ ምዕባለ ክበጽሕ ከም ዘይክእል ይኣምኑ። ከምኡ ውን ጸሊም ብዘይ ጸዓዱ ጥጡሕ መንባብሮ ክነብር ከም ዘይክእል እዮም ዝኣምኑ። በዚ ከኣ ነዛ ዓባይ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንዓና ንኣፍሪቃውያን ዝበዝሕ ክፋልና ኣጽኒቶም ኑቲ ውሑድ ክፋል ባርያ ናቶም ኮይኑ ክነብር ነታ ኣህጉር ኣብ ነንሓድሕዶም ተማቒሎም ክብሕትዋ ካብ ቅድም ዝሓለምዎን ብዘይ ዕረፍቲ ንምትግባሩ ኣብ ምስራሕ ይርከቡ። ኣብ ኣፍሪቃ ሓደ ህዝቢ ወይ መንግስቲ ንተንኮላት ናይዞም ጸዓዱ ፈሊጡ ኣንጻሮም እንተደኣ ተንሲኡን ኑቲ ዝሰርቅሉ ማዕጾ እንተደኣ ዓጽይዎም ንዕኡም ቀዳማይ ጸላኢኦም እዩ።ንምጥፍኡ ከኣ ከይደቀሱ ይሓድሩ። ንሳቶም ማለት እቶም ጸዓዱ ብምሉኦም ተሓባቢሮም ንምጥፋእ ኣፍሪቃውያን ክጓየዩ እንከለዉ ኣፍሪቃውያን ንምንታይ ብሓባር ዘይንምክቶም ?

ንምንታይ ምስኦም ኮይንና ንኣፍሪቃውያን ኣሕዋትና ንምጥቃዕ ንኸይድ ? ጽባሕ ናባና ክመጽኡ ምዃኖም ኣይንግምትን እንዲና ?

እዚ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ሊብያ ዝግበር ዘሎ ወራር ስለምንታይ ? ክውቃዕ ዝተደልየ ሽቶ እንታይ እዩ ? ብርግጽ ህዝቢ ሊብያ ኣብ ሕማች ቊጠባዊ ጸገም ድዩ ዘሎ ? መዓመር

ኣል ቃዛፊ ብሓቂ ውልቀ መላኺ ድዩ ? ንሃብቲ ህዝቢ ሊብያ ኣብ ኢድ ውሑዳት ሰባት ጥራይ ከም ዝኸውን ጌሩ ድዩ ? ኣተሓሳስብኡ እስላማዊ ጥሩፍነት ድዩ ?
ሊብያ ብባህርያዊ ሃብቲ ብፍላይ ነዳድን ጋዝን እታ ዝሃብተመት ሃገር እያ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ብርግጽ ኣዝያ ሃብታም እያ። መዓመር ኣል ቓዛፊ እቲ ኣብ ኣፍሪቃስ ይትረፍ ኣብ ዓለም ውን ውሑዳት መዳርግቲ ዝርከቦ ኣንበሳ መራሒ እዩ። ንኽፍኣትን ተንኮልን ኤውሮጳውያንን ኣሜሪካን ብንግሆኡ ዝተረድኣን ዝፈለጠን መንገዲ ስርቂ ዝዓጸወን መራሒ እዩ።ኣብ ውሽጢ ሓጺር ዓመታት ንህዝቢ ሊብያ ኣብ ኣዝዩ ውሑስን ፍሱህን መነባብሮ ንኸሕልፍ ልዕሊ እተን ንሕና ኢና ዝብላ ናይ ምዕራብ ሃገራት ከም ዝሰራዕ ዝገበረ መዓመር ኣል ቓዛፊ እዩ። ካብ ነዳድን ካልእ ባህርያዊ ጸጋታት ሊብያ ዝርከብ ሃብቲ ናብ ህዝቢ ብግቡእ ይመቓራሕ፡ ሕክምና ኣብ ሊብያ ኣብ መላእ ሃገር እሞ ከኣ እቲ ኣዝዩ ዝማዕበለ ንነፍሲ ወከፍ ሊብያዊ ብዘይ ገለ ክፍሊት ብነጻ ኣብ መላእ ሃገር ተዘርጊሑ ይርከብ እሞ ኸኣ ንኹሉ ወዲ ሃገር ብነጻ ብዘይ ገለ ክፍሊት። ኣበናይ ናይ ምዕራብ ሃገራት ኣብተን ኣዝየን ዝማዕበላ እዩ ሕክምና ንመላእ ህዝቢ ብነጻ ዝወሃብ ! መሰል ደቀንስትዮ ኣብ መላእ ሃገር ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ኮይኑ ሊብያውያን ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ ደቂ ተባዕትዮ ዝሳተፍዎ ጽፍሕታት ብማዕርነት ይሳተፋ።እዚ ብኸመይ ክኸውን ክኢሉ ? ሳላ ቐኑዕ መሪሕነት መዓመር ኣል ቓዛፊ’ዶ ኣይኮነን ! ኣብ ናይ ትምህርቲ መዳይ እንተወሲድና እውን ኣብ መላእ እታ ሃገር ኣዝዩ ዝማዕበለን ኣብያተ ትምህርትታን ዩኒቨርሲታትን ምስ ብሉጻት መማህራን ተተኺሉ ነፍሲ ወከፍ ሊብያዊ ብነጻ ይወሃቦ ። ከምዚ ዓይነት ካብ ዝተሓተ ክሳብ’ቲ ዝለዓለ ደረጃታት ትምህርቲ ብነጻ ኣበየናይ ኩርንዓት ዓለም  ኣሎ ? ኣብ ኤርትራ ኣሎ ግን ገና ንኣሽቱን ጀመርቲ ጽቡቕ ተስፋን ኢና ዘለና፡ እንተ ኣብተን ምዕቡላትን ሃብታማትን ዝበሃላ ናይ ምዕራብ ሃገራት ግን የለን። ነፍሲ ወከፍ ሊብያዊ መኪና ፡ ገዛ ፡ ተለፎን ፡ ተለቪዥን ፡ ይውንን። ከምዚ ዓይነት’ከ ኣበየነይቲ ምዕብልቲ ሃገራት ምዕራብ ኣሎ ! መግቢ ብመንግስቲ ዝለዓለ ድጎማ ስለ ዝግበር ካብ ምሉእ ዓለም ዝሓሰረን ንኹሉ ሊብያዊ ብማዕርነት ዝማቓራሕ እዩ። ዝኾነ ሊብያዊ ሕርሻ ምርባሕ ከብትን ካልእን ክገብር ምስ ዝደሊ ዘድልዮ ኩሉ ብመንግስቲ ብነጻ ይግበረሉ። ከምዚ ዓይነት ኣበየናይ ኩርናዕ ዓለም ኣሎ!
ኣብ ጽላት መጎዓዝያ እንተ መጺእና ነፍሲ ወከፍ ሊብያዊ ዝነብረላ ዓዲ ውን ትኹን ብዘመናዊን ምዕቡልን መንገዲ ዝተራኸባ እየን። ንነፍሲ ወከፍ ሊብያዊ  ሽግር ሕማም ድንቁርና ደሓን ኩና ተባሂለን ተደርብየን እየን። ሊብያ እታ ሓንቲ ሓገር ካብ ዓለም ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተኸዘነ ሃብቲ ማይ ኣውጺኣ ንምድረ በዳ ሰሃራ ናብ ቀጠልያ ንምቕያር ግብራዊ ስጉምቲ ዝወሰደትን ዝተዓወተትን ሃገር እያ። ናይ ምዕራብ ሃገራት እዚ ግብራዊ ንኸይከውን ካብ ቅድሚ ዕስራ ዓመት ኣትሒዘን ተቓውሞአን ክግልጻ ጸኒሐንን ገና ውን ኣለዋን። ይኹን እምበር መንግስቲ ሊብያ ንናይ ኮርያ ኩባንያ ኩንትራት ብምሃብ ነቲ ዝደለዮ ኣተግቢሩዎ። ሊብያ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት መዓመር ኣል ቓዛፊ ኣብ ውሽጢ ኣርባዓ ዓመታት ዝሰርሓቶን ዝበጽሓቶን ምዕባለ ኣብ ዓለም መዳርግቲ የብሉን። ነቶም ጸዓዲት ተኻሉ ቀንዲ ደመኛ ጸላእቲ ኣፍሪቃ መንገዲ ዓጽዩ ፡ ኣፍሪቃውያን ሃብታማትን በሊሕ ኣእምሮ እንውንን ምዃንናን ፡ ሰረቕቲ እንተሰጒግና ኣብ ሓጺር እዋን ናብቲ ዝለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ክንበጽሕ ከም እንኽእል ርኡይን ጋህድን ዝገበረ መዓመር ኣል ቓዛፊ እዩ። ብኣፍሪቃውነቱ ዝሕበንን ኩሉ ዝከኣሎ ዘበለ ንኣፍሪቃውያን ኣወሃሂዱ ሓንትን ውህድትን ብልጽግትን ኣፍሪቃ ንምምስራት ለይትን ቀትርን ኣስሚሩ ዝሰርሕ ሰውራዊ ኣፍሪቃዊ እዩ። ኤውሮጳውያን እቶም ጽቡቕን ምዕባለን ኣፍሪቃ ክርእዩ ዘይደልዩ ደመኛ ጸላእቲ ህዝቢ ኣፍሪቃ ምዃኖም ተረዲኡ ፡ ንኣፍሪቃውያን ኣጆኹም ዘረባን ምትላልን ናይ ኤውሮጳውያንን ኣሜሪካን ኣይትቀበልዎ ሓይልን ሃብትን ኣብ ህዝብኹምን መሬትኩምን እዩ ዘሎ ኣጆኹም ዝብል ጅግና ኣፍሪቃዊ መራሒ እዩ። ንኤውሮጳውያን ማዕበል ስደተኛታት ብኣኻ ኣቢሎም ይመጽኡና ኣለዉ ግደፍ ማዕበል ኣይትፈንወልና ኢሎም ምስ ሓተትዎ ዝሃቦ መልሲ „ገንዘቦም ኣብ ሃገርኩም ስለ ዝኀረትኩሞ ንዕኡ ከርክቡ እዮም ዝመጹ ዘለዉ“ ክብል መለሰሎም። መዓመር ኣል ቓዛፊ ካብ ዝቃለሰሉን ዝጽዕረሉን ሓደ ኣብ መንጎ ኣፍሪቃውያንን ናይ ምዕራብ ሃገራትን ክህሉ ዝግብኦ ናይ ባርያን ጎይታን

ርክብ ዘይኮነስ ናይ ምሕዝነትን ናይ ንግዲ ልውውጥን ክኸውን ከም ዘለዎ እዩ። መዓመር ኣል ቓዛፊ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ውሑዳት ፓን ኣፍሪካን ኢሎም ዝጭርሑን ዝቃለሱን ኣፍሪቃውያን እዩ። ኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ኤውሮጳ ሃገራትን ንመዓመር ኣል ቓዛፊ ኣጥፊኦም ሓደ መጋበርያኦም ዝኾነ ስርዓት ኣቑሞም ሃብቲ ሊብያ ንምግሓጥ ዘይፈሓርዎ ጉድጓድን ዘይ ኣለምዎ ሽርሕን ኣይነበረን። እዚ ቅሉዕ ወራር ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ሊብያ እዩ። ኣሜሪካ ብዘለዋ ዓለማዊ ዕብለላን ጽምኣት ነዳድን ደይ መደይ ኢላ ብስም ረዲኤት ኣመኻንያ ንሊብያ ንምጉባጥ እትገብሮ ዘላ ዘይፍትሓውን ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን እዩ። እዞም ሕጂ መጋበርያ ኣሜሪካን ሃገራት ኤውሮጳን ኮይኖም ምድረ ገነት ዓዶም ዘዕንዉ ዘለዉ ዕሱባት ሊብያውያን ፡ ኣሜሪካን ናይ ምዕራብ ሃገራትን መዓርን ጠስምን ሒዞምሎም ዝመጽኡ መሲልዎም ሃገሮምን ክብረቶምን ኣማሕሊፎም ይህቡ ኣለዉ። ብኣሜሪካን ሰዓብታ ናይ ምዕራብ ሃገራትን ዝመጽኦም ነገር እንተ ሃልዩ ግን እቲ ትማል ኣብ ዒራቕ ዝወረደን ገና ውን ዝወርድ ዘሎ ዕንወትን ሞትን መቕዘፍትን እዩ። ኣብ ሰማንያታት ኣሜሪካ ሰላሳን ሰለስተን ነፈርቲ ኣዋፊራ ንቤንጋዝን ትሪፖሊን ምድብዳባ ዝዝከር እዩ። ዝሓሰብዎ ግን ኣይሰመረሎምን። ንዓመታት እገዳ ኣዊጀም ነታ ሃገር ንምርማስ ፈቲኖም ኣይኮነሎምን ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ሊብያ መመሊሳ ማዕበለትን መዓመር ኣል ቓዛፍን ስሙን ክብሩን መሊሱ ደኣ ንሰማይ ዓረገን። ብኡ እዮም እምበኣር ኩሉ ምስ ፈሸሎም ዕግርግር ኣጒዶም ነታ ሃገር ንምሕማስ ዝጽዕሩ ዘለዉ። ሽግር ህዝቢ ሊብያ ንህዝቢ ሊብያ እምበር ንናይ ምዕራብ ሃገራት እንታይ ኣእተዎም ! ብዘይ ሕማም ኰርምትኻ’ዶ ትቑንዞ ኢኻ ! ንሳቶም እቲ ብኹሉ መዳያት ንዓሰርተታት ዓመታት ንምዕናዉ ዘይከኣሉን ናብ ኣፍሪቃ ዘእቱ ኣፍደገ ፡ ነብሶም’ሲ ይትረፍ ሃመማኦም ውን ክኣትወላ ዝኽእል ነቓዕ ስለ ዘይከፈተሎም ንምጥፍኡ ዕድል ዝረኸቡ ስለ ዝመሰሎም እዩ። ኣፍሪቃውያን ከስተብህልሉ ዘለዎም ነገር ንሊብያ ኣጥፊኦም ኣብኡ ጠጠው ዝብሉ ኣይኮኑን ቀጺሎም ንኹሎም ዘይደልይዎም መራሕቲ ኣፍሪቃ ከጥፍእዎም ምዃኖም እዩ። ሎሚ ኣፍሪቃውያን ንመዓመር ኣል ቓዛፍን ንህዝቢ ሊብያን ካብዞም ወራር ጸዓዱን ዕሱባቶምን ከድሕንዎም ኣለዎም። ከምቲ ናይ ምዕራብ ሃገራት ንምጥፋእ ሊብያን መዓመር ኣል ቓዛፍን ሓይሎም ኣኻኺቦም ኣብ ኣፍ ደገ ሊብያ ተገቲሮም ዘለዉ ፡ ኣፍሪቃውያን መንግስታት ከኣ ሓቢሮም ነዞም ወራሮ ጸዓዱ ክምክትዎምን ንሃገረ ሊብያ ካብቶም ልኡኻት ናይ ምዕራብ ሃገራት ዝኾኑ ዕሱባት ከድሕንዋ ኣለዎም፡ እቲ ምንታይ ምዕራባውያን መንግስታትን ኣሜሪካን ብሊብያ ኣቢሎም ንመላእ ኣፍሪቃ ክወርዋ ምዃኖም ፍሉጥ ስለ ዝኾነ። ሎሚ ቓዛፍን ሊብያን ጽባሕ ከኣ ናብቶም ካልኦት ኣፍሪቃውያን ምዃኖም ክበርሃልና ይግባእ። ከምቲ መዓመር ኣል ቓዛፊ ሓንቲ ብልጽግትን ሓድነታ ዝተረረን ሓደ ባጤራ እትውንን ኣፍሪቃ ንኽትምስረት ዝተመነዮን ዝጸዓሮን ንሕና ኣፍሪቃውያን ከኣ ነዚ ጅግና ኣፍሪቃዊ መራሒ ንምድሓን እንኳየየላ መዓልቲ ሎሚ እያ ! ኣፍሪቃውያን ሕበሩ ንጸዓዱ ደመኛ ጸላእትኹም ኣለልዩ ! ኣፍሪቃ ንኣፍሪቃውያን ።